# ኣጠቓቕማ ኣገልግሎት ትርጓመ

ሚያዝያ 2003

How to use interpreting services - Tigrinya

ኣስተርጎምቲ ብውሱናት ቋንቋታት ዝሰልጠኑ በዓል ሞያ ኮይኖም፡ ኣብ መንገኹምን ጉዳይኩም ዝከታተሉ በዓል ሞያን ዝግበር ዝርርብ ብዝተኻእለ መጠን ንጹር ክኾነልኩም ከረጋግጹ ዝጽዕሩ ኢዮም።

ብሕልፊ ስለምንታይ ዑቕባ ትሓቱ ኣለኹም ዝርዝር ኣብ ትህቡሉ እዋን ጠቓሚ ኢዩ። ኣገልግሎት ምትርጓም ምድንጋር ወይ ብጌጋ ምርዳእ ኣብ ሙግዳል ይሕግዝ። ኣዕሩኽ ኮኑ በተሰብ ብምትርጓም ስለዘይሰልጠኑ ክትርጉምልኩም ኣይነተባብዕን ኢና። ስለዝኾነ ኸኣ እቲ ዝበልክምዎ ብንጹር ክገልጹ ዘድሊ ክእለት ክጎድሎም ይኽእል፡ እዚ ድማ ብጌጋ ምርዳእ የስዕብ።

እንተድኣ ኣብ ሞንጎኹምን ኣብ ሞንጎ ሰራሕተኛታትና ዘሎ ዝርርብ ብሰንኪ ቋንቋ ዘይምርድዳእ ወይ ብግቡእ ተዘይሰሪሑ አስተርጓሚ ክነምጽኣልኩም ኢና። እንተድኣ ፍሉይ ላህጃ ትደልይዎ ኣልዩ በጃኻትኩም ንገሩና ድልየትኩም ከነማልእ ክንፍትን ኢና።

ብኣስተርጓሚ ክፍሊት ክትሕተቱ የብልኩምን፡ እዚ እንተኣጋጢሙ ብቕጽበት ሓብሩና።

**መሰላትን ሓላፍነትን**

እቲ ዝተዳለወ ኣስተርጓሚ በቲ ትመርጽዎ ቋንቋ ዝዛረብን ዝርዳእን ክኸውን ኣለዎ። ዝመረጽክምዎ ቋንቋ ዝዛረብ ኣስተርጓሚ ምርካብ ሓደሓደ እዋን ዘሸግር እኳ እንተኾነ ንስኻትኩም ግና፡ እቲ ኣስተርጓሚ ከምዚ ዝስዕብ ክኸውን መሰል አለኩም፥

- ሻራ ዘይብሉ- ንትብልዎ ከቐይረኩም ዘይፍትን ወይ ድማ ብጌጋ ዘይትርጉም
- ብቑዕ - ብዝተኻእለ መጠን ቃል ብቃል ዝትርጉምን ንዝበልኩሞ ትርጉሙ ዘይቅይርን
- ሞያተኛ - ከም ውልቀሰብ ዘኽብረኩም ከምእውን ምስጢርኩም ዝዕቅብ፡ ዝበልኩሞ ኩሉ ንኻልእ ናይ ወጻኢ ምንጭታት ብምንጋር ናይ ግልኹም ምስጢር ዘየቃልዕ
- ዘይፈላሊ -  ብዜግነትኩም፡ ብብሄርኩም፡ ብእምነትኩም (ሃይማኖታዊ ወይ ፖለቲካዊ)፡ ብጾታኹም፡ ብጾታዊ ምርጫኹም፡  ብዕድሜኹም ወይ ናይ ጥዕና ኩነታትኩም ከይፈላለየ ወይ ኣባኹም ኣድልዎ ከየርኣየ ዝዓዪ

እንተደሊኹም ወዲ ተባዕታይ ወይ ድማ ጓል ኣንስተይቲ አስተርጎምቲ ክትመርጹ ትኽእሉ ኢኹም። ንሕና ድልየታትኩም ከነማልእ ዝተኽእለና ክንጽዕር ኢና፡ ኣስተርጓሚ ነዳልዎ ብአካል ወይ ድማ ብተለፎን ክከውን ይኽእል።

**ምግጫው ረብሓ**

እንተድኣ ኣስተርጓሚኩም ቅድሚ ሕጂ ኣብ ማሕበረኮምኩም ዝፈልጠኩምን ከም ዓርኪ ወይ ኣላዪ ኮይኑ ዓዩ እንተኾይኑ፡ ወይ አብ ካልእ ማሕበር ኣተርጒምልኩም እንተ ኔሩ ንጉዳይኩም ዝከታተል በዓል ሞያ ብኣስተርጓሚኹምን ብኣኹምን ክሕበር ኣለዎ።

**ኣብ ቀጸራኹም ክትመጹ እንተዘይክኢልኩም**

ንሕና ውሱን ገንዘብ ዘለና ናይ ሓገዝ ማሕበር ኢና። እንተድኣ ደንጉኹም ወይ ኣብ ቀጸራኹም እንተዘይመጺእኩም እሞ ድማ ኣስተርጓሚ እንተድኣ ቀጺርና ምኽፋልና ኣይተርፍን ኢዩ።

ቀጸራኩም ከይነገርኩምና ክትጠልሙ እንተቀጺልኩም እቲ ናይ አስተርጓሚ አገልግሎት ክንውፍየልኩም ከሸግረና ይኽእል ኢዩ።

ናብ ቀጸራኹም ክትመጹ እንተዘይክኢልኩም ናብ 0800 085 6087 ቀጸራኹም ክትሰርዙ ደውሉ (ካብ ናይ መሬት መስመር ተለፎን ነጻ ኢዩ ካብ ሞባይል ግና ይኽፈሎ ኢዩ)።

**ጥርዓን ወይ ርእይቶ ምቅራብ**

ኣስተርጓሚ አብ ርክብ ሓገዝ ዝህብ ኢዩ። ኣስተርጎምቲ ኣማኸርቲ ኣይኮኑን፡ ናይ ዑቅባ ወይ ናይ ኢሚግራሽን ምኽሪ ምሃብ ዘይሕጋዊ ኢዩ።

ኣስተርጓሚኹም ብዝህበኩም ኣገልግሎት እንተዘይተሓጉስኩም፡ ወይ ርእይቶ ክትህቡ ተደሊኹም ንጉዳይኩም ዝከታተል እዩ ድማ ንዝኾነ አባል ስኮትሽ ናይ ስደተኛታት ቀንስል ብቅጽበት ኣፍልጡ።

ጥርዓንኩም ክፍታሕ እንተዘይክኢሉ እሞ ወግዓዊ ጥርዓን ከተቕርቡ ምስትደልዩ ናይ ጥርዓን ቅርጺ አብ ቤት ጽሕፈትና ወይ ኣብ መርበብ ሓበሬታ ኢንተርነት ክትመልኡ ትኽእሉ፥

http://www.scottishrefugeecouncil.org.uk/assets/0000/0183/Complaint_leaflet_English_March_2010.pdf

ወይ በዚ ርኸቡና፥ http://www.scottishrefugeecouncil.org.uk/contact

ዝመላእኩምዎ ናይ ጥርዓን ቅርጺ ናብ ቤት ጽሕፈትና ምለስዎ።

ርእይቶታትኩም አብ ቤት ጽሕፈትና ዝርከብ ናይ ርእይቶ ሳንዱቕ ከተእትውዎ ትኽእሉን መርሓባ ንብሎን።

እንተድኣ ሕማቅ ምኽሪ ወይ ዘይእኹል አገልግሎት ዝረኸብኩም መሲልኩም፣ ናብ ቤት ጽሕፈት ኮሚሽነር ኢሚግራሽን ክትጠርዑ ትኽእሉ ኢኹም፥ http://www.oisc.gov.uk/